KANTON LUZERN

Bildungs- und Kulturdepartement

**Dienststelle Volksschulbildung**

Tigrinya

## Die Schulsozialarbeit: Elterninformation

## ማሕበራዊ ጉዳያ ቤት ትምህርቲ ፡ ሓበሬታ ንወለዲ

እዚ ማሕበራዊ ጉዳይ ቤት ትምህርቲ፡ ብህዝባውያን ኣብያተ ትምህርቲ፡ ዝወሃብ ሓገዝ እዩ። እዚ ማሕበራዊ ጉዳይ፡ ንኹሎም ወለዲ፣ ቆልዑ፣ መንእሰያት፣ መማህራን፣ ሓለፍት ቤት ትምህርትን ካልኦት ኣባላት ሰብ መዝን ብነጻ ዝወሃብ ኣገልግሎት እዩ።

እዞም ሰራሕተኛታት ቤት ትምህርቲ ማሕበራዊ ጉዳያት፡ እንተድኣ ንማሕበራዊ ሂወትን፣ ትምህርትን ዝምልከት ጸገማት ኣጓኒፉ፡ ኣድላይ ዘበለ ሓገዝን ምኽርን ይህቡ፤ ወይ ድማ ናብ ካልእ ቤት ትምህርቲ ወይ ዝሕግዙ መደባትን ይልእኩ።

ተመሃሮን መንእሰያትን፡ ናይ`ዚ ቤት ትምህርቲ ማሕበራዊ ጉዳያት ኣገልግሎት ብቀሊሉ ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም። እቲ ናይ ቆጸራ ምጽባይ ግዜ`ውን ሓጺር እዩ።

ዕላማ ናይ`ዚ ቤት ትምህርቲ ማሕበራዊ ጉዳይ፡ ዝህቦ ኣገልግሎት ናይቶም ተመሃሮ ንውልቃውን፣ ንትምህርትን፣ ንማሕበራዊ ድሕነትን ወይ ርግኣትን ዘተኮሩ ጉዳያት ንምምሕያሽ፡ ከምኡ`ውን ብተመሳሳሊ ንመማህራን ኣብ ስርሖም ንምሕጋዝ እዩ። እዚ ማሕበራዊ ጉዳይ ቤት ትምህርቲ፡ ኣብ ኩሉ ንጥፈታት ናይ ዝተፈላለየ ዓውድታት ብምውሳእ፡ ኣብ ምዕባለ ቤት ትምህርቲ ብቀጻሊ ዓቢ ኣበርክቶ ይገብር።

ሰራሕተኛታት ናይ`ዚ ማሕበራዊ ጉዳይ ቤት ትምህርቲ፡ ብሞያ ማሕበራዊ ዕዮ ዝተማህሩ እዮም፡ (ብስነ ምምህርና፡ ማሕበራዊ ዕዮ ወይ ባህላዊ ሂወት) ምሉእ ብቕዓትን ተመክሮን ዘሎዎም ኮይኖም፡ ንመንእሰያትን ወለድን ኣድላይ ዘበለ ምኽሪ፤ ከምኡ`ውን ብዛዕባ ፍሉይ ስልጠናታት ሓበሬታ ይህቡ።

ነሓሰ 2015